# ወይቦ 1

**(ወይቢ 1 ማለት እታ ዝፈኾሰትን ብቐሊሉ ትመሓላለፍን ማለት እዩ)**



> ወይቦ፡ ቫይረስ ኮይኑ ብመግብን ማይን ይመሓላለፍ።
> ወይቦ ዘሎዎም ሰባት ንኻልኦት ክብክሉዎም ወይ ከመሓላልፉሎም ይኽእሉ።
> ክታበት እቲ ዝበለጸ መከላኸሊ እዩ።



**ቫይረስ ወይቦ ነድሪ ጸላም ከብዲ ከስዕብ ይኽእል።**

ብቫይረስ ወይቦ ዝተበከለ ሰብ ኣብ ከብዱ ቃንዛ ክስመዖ ይኽእል እዩ። ረስኒ ክገብረሉ፡ ተቕማጥ ክሕዞ፡ ሓፈሻዊ ሕማምን ድኻምን ክስመዖ ይኽእል። ንገለ ክፋል ከኣ ምብጫው የስዕበሎም። እዚ ማለት ድማ ቈርበትን ዓይንን ይብጫዉ ማለት እዩ።



**ክታበት ይከላኸል እዩ።**

ክታበት ከም ልሙድ ካብ ሓደ ዓመት ዕድመ ጀሚሩ ይውሃብ። እቲ ቀዳማይ ዓቐን ንሓደ ዓመት ይከላኸል። ብድሕሪ እዚ እቲ ካልኣይ ዓቐን ክታበት ብውሑዱ ንዕስራ ዓመታት ይከላኸል።

**ቀዳማይ ደረጃ ወይቦ ኣብ መብዛሕትኡ ክፋል ዓለም ልሙድ ተርእዮ እዩ።**

ወይቦ ተራ ነገር ወይ ልሙድ ተርእዮ ናብ ዝኾነሎም ቦታታት ዝገሹ ዘበሉ ኲላቶም ክታበት ክኽተቡ ይምከሩ። ኣብ ብዙሓት ማእከላት ጥዕና ወይ ድማ ኣብ ማእከላት ክታበት ክትክተቡ ትኽእሉ ኢኹም።




Region Sörmland